# ሃገራዊ ዋዕላን ትጽቢት ህዝብን

ህዝቢ ኤርትራ ዝጽበዮ ውጽኢት ቃልሲ ኩሉ ጊዜ ሰላምን ራህዋን ኢዩ፡ ብጊዜ ብረታዊ ቃልሲ'ውን እንተዀነ ህዝቢ ኤርትራ ከም ውጽኢት ወይ ፍረ ቃልሱ ዝደልዮን ዝጽበዮን ዝነበረ ሓንሳእን ንሕዋሩን ሰላም ረኺቡ ርህዩዎን ቀሲኑን ኣብ ሃገሩ ንኽነብር ኢዩ። ስለ እዚ ኢዩ ካኣ ምእንቲ እቲ ኩሉ ዝደልዮ ሰላምን ራህዋን ንኽማላእ ካብ ዝብል በርቲዑ ተቓሊሱን ዝኸፈለ ከፊሉን ባዕዳውያን ገዛእቲ ዘባረረ ድሕሪ እዚ ግን ናይ ገዛእ ርእሱ መንግስቲ ጌሩ፡ ናብ ምዕብልና ከምርሕ ኢዩ ነሩ ድልየቱ፡ ግን ከምቲ ዝደልዮ ክዀነሉ ኣይክኣለን።

በብጊዜኡ የጋጥሞ ንዝነበረ ናይ ባዕዳውያን ገዛእቲ፡ ከከም ኩነታቱን ኣመጻጽኡን ክቃለስ ጸኒሑ፡ ብኣዝዩ ዝመረረ ብረታዊ ቃልሲ ሓደን ናይ መወዳእታን ኢሉ ዝኣመነሉ፡ ዓወት ምስ ኣረጋገጸ ድማ ናብ ዝሓሰመን ተራእዩ ዘይፈልጥን ሽግር ዝመልኦ ናይ ሂወት መድረኽ ስለ እተሰጋገረ ጌና ንኻልኣይ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ከካይድ ግድነት ኮይኑዎ ኣብ ከቢድ ቃልሲ ይርከብ። ብዙሓት ኤርትራውያን ሎሚ ዝካየድ ቃልሲ ዳኣ እንታይ ዓቐበ ቁልቁል ኣልዩዎ ዝብሉን፡ ንዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ኣቕሊሎም ዝርእዩዎን ክህልው ይኽእሉ ኢዮም፡ ግን ኣብ ዓለም ሓደ ሕብረተ ሰብ ተሳማሚዑ፡ ጥዑይ መገዲ ሒዙ ሂወቱ እናመርሐ ናብ ምዕብልና ክሰግር ክተምህሮን መገዲ ከተትሕዞን ምግባር ቀሊል ቃልሲ ኣይኮነን እዚ ስራሕ'ዚ ዋላ ኣብ መንግስትነት ምስ በጻሕካ'ውን ክቕጸል ዘለዎ ስራሕ እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ነቲ እናተዋራረሰ ዝመጸ ኣባታዊ ባህሊ ዓቂቡ በቲ ኣቦታቱ ዘጽንሑሉ ሕግን ስርዓትን፡ እናተመርሐ ክኸይድ ስለዘይጸንሐን፡ ብሰንኪ እቶም ዝተፈላለዩ ባዕዳውያን ገዛእትን እዚ መቐጸልትኦም ዝኮነ እኩይ ስርዓትን ብዙሕ ምብትታን ከጋጥሞ ዝጸንሔን ጌና'ውን ካብቲ ፋሕብትን ከብሎ ዝልጸንሐ ጉዕዞ ዘይተላቐቐን ሕብረተሰብ ኢዩ። ስለዝዀነ ካኣ እናሃለ ስኣን ተሳማሚዑን ስምር ኢሉን ኣብ ሓደ ውሳኔ ክበጽሕ ምኽኣል ከም ዓሳ ነንሕድሕዱ እንተባልዔ፡ ተሳማሚዑ ኣብ ሞንጎኡ ንዘሎ ሽግር ምፍታሕ ተሳኢኑዎ፡ ኣብ ፅንክሊል ይነብር፡ ስለ'ዚ ነዚታት ወጊዱን ጥዑይ ስርዓት ተኺሉን ብሰላም ክኸይድ ከምዘለዎ ናይ ምግባር ክእለት ምጥራይ ሓያል ስራሕ ኢዩ። ስለ'ዚ ናይ ኣብ ፖለቲካ ዝዋስኡ እሞ ከም'ዚ ናትና ህዝቢ ብኽፉእ ናይ እቶም ባዕዳውያን ገዛእቲ ህዝብና ማዕቢሉን፡ ጠቕሙ ፈሊጡን ሕቶ ከም ዘየልዕል ጌሮም ፅድመ ግዝኣቶም ከናውሑ ክብሉ፡ ፋሕ እናበልዎ ዝጸንሑ ህዝቢ ኣብ ዝዀነ ጸገም ዘይብሉ ህዝቢ'ውን እንተዀነ ቀሊል ኣይኮነን።

ህዝብኻ ምዕሩይ ስርዓት ተኺሉ ጎደና ምዕብልና ክሕዝ ዝግበር ጻዕሪ ሓያል ስለዝዀነ፡ ስራሕ ወይ ቃልሲ ናይ ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ዝዋስኡ ተቓወምቲ ባእታታት ዝሓየለ ኢዩ፡ ዝዀነ ኣብ ሞንጎኦም ዘሎ ክርክር ድማ ባህርያውን መማዕበሊን ኢዩ። ስለ'ዚ እቲ ፖለቲካውያን ዝረኽብዎ ወይ ዘጋጥሞም ጸገም ኣብ ግምት ከየእተኻ ዝዝረብ ዘረባታት ግን ዋጋ ክዋሃቦ ዘይግባእ ኢዩ፡ ማለት ከምቲ ኮፍ ኢሉ ንዝሓስብ ሰማይ ቀረባኡ ኢዩ ዝብልዎ ምስላ ኢዩ። ዝዀነ ኮይኑ ህዝቢ ኤርትራ እናማዕበለን ተሞክሮ እናደለበን መጺኡ ኣብ እዚእዋን እዚ ንሓርነታዊ ቃልሱ መወዳእታ ንኽረኽበሉ ብሓባር ንሃገራዊ ዋዕላ፡ ብልዑል ተገዳስነት ዝዛረቡሉን፡ንኣወንታዊ ኣተገባብርኡን ፅውት ኮይኑ ምውጽኡን ብተስፋ ንዝጽበዩ ብዙሓት ኤርትራውያን፡ ቀንዲ እዋናዊ መዛረቢ ኮይኑ ዘሎ ኢዩ።

ብወገነይይ ህዝቢ ኤርትራ ፖለቲካ ዝብሃል ኣምር ኣብ ኤርትራ ካብ ዝታኣታቶ ጀሚሮም፡ ኤርትራውያን ንጉዳዮም ብሰላማዊ ሰልፊን ዋዕላታት ብምክያድን ክፈትሕዎ ፈቲኖም ምንባሮም ዘይፈልጥ ስለዘየለ ንድሕሪት ተመሊስካ ብዙሕ ምትንታን ዘድልዮ ኣይኮነን። ይኹን እምበር ሃገራዊ ዋዕላ እዋኑ ኣይኮነን፡ ዋዕላ ጌና ክጸንሕ ኣለዎ ዝብሉ ኣካላት ኣለው፡ ሃገራዊ ዋዕላ ከም ኣምር ይኹን ከም ካብ ኣቦታትና ዝወረስናዮ፡ ሓደ ፍሉጥ ዝዀነ ቅጥዒ መፍትሕ ናይ ዝዀነ ኣብ ሞንጎ ህዝቢ ናይ ሓንቲ ዓዲ ዲዩ ዓድታት ኮይኑ ዝጸንሐን፡ ንቐጻሊ'ውን ንዝዀነ ኣብ ጉዕዞ ዘጋጥመና ናይ ዓዲ ዲዩ ናይ ሃገር ሽግር ኣብ ናይ ምፍታሕ ክንግልገለሉ ዘለናን ቅቡል መሳርሒ መፍትሕ ሽግርን ኢዩ።

ኣብ'ዚ ጉዳይ እዚ፡ ክሳዕ ንምዕብል፡ ዝዀነ ሽግራትና ወጊድና፡ ኣብ ሞንጎና ዝዀነ ይኹን ግርጭት ዘአይብልናን ኺና ክሳዕ ንዳሎ፡ ዋዕላ ኣድላይነት የብሉን ወይ ኣይሰምርን ኢዩ፡ እንተዀይኑ እቲ ኣባሃህላ ዋላ ድሕሪ ሚእቲ ዓመት እውን ክንገብር ንኽእል ኣይመስለንን፡ ምኽንያቱ ካልእ ናእሽቱ ጎድናዊ ሽግራት ዘይብልካ ኺንካ እትርከበሉ እዋን ክህሉ ባህርያዊ ኣይኮነን፡ ስለ'ዚ ዓቢ ጸግም ኣብ ዝተኸስተሉ እዋን ንምፍዋሱ ጻዕሪ ከተካይድ ናይ ግድን ይኸውን። ብሓጺሩ ነዚ ካብ ዓመታት ኣትሒዙ ህዝብና ፍታሕ ተረኺቡዎ ሰላም ንክረክብ፡ ብሃረርታ ዝጽበዮ ዘሎ እሞ ሃገራዊ ዋዕላ ክግበር ኢዩ፡ ስለ እተባህለ ተርባጽ ወሲኹሉ ዘሎ፡ ካልእ ጎድናዊ ወይ ናእሽቱ ሽግራት ክሳዕ ዝፍታሕ ሃገራዊ ዋዕላ ይጽናሕ ክትብሎ ቅቡል ኣይኮነን።

ምኽንያቱ ክውንነትናን ኣመጻኣናን ኣሸንኳይ ዋዕላ ከይገበርካ፡ እናተ ኣከብካን ብናይ ሓባር ዘተ ብዙሕ ብልሓታት እናፈጠርካን እኳ ኣብ ንቡር ክትመልሶ እንተተኻኢሉ ኢዩ፡ ስለ'ዚ ንምፍትሑ ብተደጋጋሚ ዋዕላ ክትቃለሶ ዘለካ ዳኣምበር ይጽናሕ ዝብሃል ኣይኮነን። ኩሉ ከም ዝርድኦ ደማ ኣብ ሽግር ስለ ዘለና፡ ሽግርና ድማ ብዘይ ሃገራዊ ዋዕላ ካልእ ዝዀነ ይኹን መፍትሒ ስለ ዘይብሉ ሃገራዊ ዋዕላ ብዘይ ዝዀነ ይኹን ምኽንያት ኩሉ ህዝቢ ክብገሰሉን ክደፍኣሉን ዝግባእ እዋናዊ ጠለብ ህዝቢ ኢዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሽግር እናሃለወ፡ እዚ ኩነታት ከም ዘለዎ ይበል፡ እዚ ዘሎ ስርዓት ግርም ዝዀነ መንግስቲ ኢዩ፡ ጽቡቕ ኣሎ ይቐጽል፡ ግደፍዎ ዝብሉ ዓቢ ክእለት ዘለዎም ኣፈኛታት'ውን እኮ ኣለው፡ ኣባሃህሎኦም ነቲ ሽግር ኣሜን ኢልና ንቀበሎ፡ ብኡ ርዒምና ንንበር ማለት ኢዩ፡ ብሓጺሩ ነዚ ዘሎ ኣካይዳ ናይ'ዚ ስርዓት ከም ውሁብ ንውሰዶ ማለት ኢዩ። እቶም ዋዕላ ክግበር የብሉን ኢሎም ከረድኡና ዝደልዩ'ውን ሕልናና ኣፅሪቦም፡ እምበኣር ሃገራዊ ዋዕላ ልዕሊ ዓቕምና ኢዩ ኢልና ክንገድፎ ከም ዘለና ጌሮም ሽግር ህዝብናን ኩነታት ሃግርናን ኣስፈሊሉ ከምዘለዎ ክነብር ዝደልዩ ኣካላት ኢዮም፡ እዚ ክልቲኡ ካብ ሓድሕድ ዘይፋላለ ድልየታት ፅላምኡ ንኽትርድኦ ቀረባ ኣይኮነን፡ ግን ኣነ ዘይውድኦ ካብ ኮነ ኣይምልከተንን ኢዩ ናይ ዝብል ባሕቲ መንፈስ የንጸብርቕ።

ስለ'ዚ ክቡራት ህዝቢ ኤርትራ፡ ነዚ ተበጊሱ ዘሎ ሃገራዊ ዋዕላ ደጊፍና ሽግ ሓርነትና ዳኣ ንወልዕ እምበር ኣይንዳናገር፡ ሃገራዊ ዋዕላ ንማንም ኤርትራ ብስርዓተ ሕጊ ክትነብር ኣለዋ ዝብል ኤርትራዊ ዘዋስን ክኸውን ከምዘይብሉ ንምግባር ጥራይ ይኹን ጻዕርና፡ እምበር ህዝቢ ኤርትራስ ክሳዕ ሎሚ ዝተጸበዮ ይኣኽሎ፡ሎሚ ንኹልና ሃገራዊ ዋዕላ ብዘይ ውዓል ሕደር ይኹን ጭርሖና።

ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና
ዓወት ድማ ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና
በላይ መስፍን ጀርመን